# ኣመሪካ፡ ፖሊሲ ዘየቋርጽ ተጻብኦታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ




ኣብ መወዳእታ ሚያዝያ መንግስቲ ኣመሪካ “ውሁድ ስትራተጂ ሃገር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ” (Integrated country strategy on Eritrea) ብዝብል ኣርእስቲ፡ ኣብ ናይ ኢንተርነት ገጻቱ፡ ንርቅዕቃዕ ፖሊሲታቱ ዘንጸባርቕ ጽሑፍ ኣውጺኡ ነይሩ።

እቲ ጽሑፍ ብሓላፊ ተልእኮ (chief of mission) ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ንሓደገኛን ሓንካርን ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ዝድግፍ ሓሳባት ዝሓዘ'ዩ። እዚ ብሓደ ዲፕሎማት ዝተጻሕፈን ብክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ (state departmment) ብ5 ግንቦት ዝሓለፈ ዓመት ክልቀቕ ዝተፈቕደን ጽሑፍ ዕላማኡ ብዘይተነጸረ ምኽንያታት ክሳብ'ዚ ዝሓለፈ ወርሒ ከይተዘርግሐ ዝጸንሐን እዩ። ሕጂ ክዝርጋሕ ዝተደልየሉ ድማ፡ መስደመምን ብዙሕ ሕቶታት ዘለዓዕልን'ዩ።

እዚ መሰረት ኣልቦን ኣሰይጣንን ዝኾነ ክስታት፡ መቐጸልታ ናይቲ ንክልተ ዕቑዳትን ልዕሊኡን ዘየቋረጸ ተጻባኢ ፖሊሲታት መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ'ዩ። ብዋጋ ልኡላዊት ሃገር፡ ዓለማዊ ጥሙሕካ ንምስሳይ ዝግበር ቀጻሊ ፈተነ!

ካልእ ዘደንጹ ሸነኹ፡ እቲ ጽሑፍ ንመጀመርያ እዋን፡ ኣመሪካ ካብ መስከረም 2021 ጀሚራ ብመገዲ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታኣ፡ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ “ዲሲፕሊናዊ ተጻብኦ” (Discciplined confrontation) ፖሊሲ ከም እተኸተለት ዝኣምን ምዃኑ'ዩ። እቲ ተጻባኢ መምርሒታት ጸይሩ ዝጐዓዝ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኤርትራ ዘውጸኦ ጽሑፍ ብቐንዱ “መንግስቲ ኣመሪካ

ንኤርትራን መርዛም ዞባዊ ጽልዋኣን ምድራትን ምስ ፖለቲካውያንን መንግስታውያንን መራሕቲ ንዝህልዋ ርክባት ምዕጋትን” ኣብ ዝብል ዓንኬል ዘኹድድ'ዩ።

ሕጋውነትን ርትዓውነትን ናይቲ “ዲሲፕሊናዊ” ተባሂሉ ቀሪቡ ዘሎ ፖሊሲ ንጎድኒ ገዲፍና፡ እዚ ሕጂ ብዕሊ ዝተገልጸ ቅሉዕ ተጻብኦታት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ቅድሚ'ዚ ጽሑፍ ምዝርግሑ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ብፍጹም ዝተዘርበሉ ጉዳይ ዘይምዃኑ ክስመረሉ ይግባእ።

ተሓላቒት ደሞክራሲን መሰል ደቂ ሰብን መሲላ ክትምድር እትውዕል ኣመሪካ፡ ከም ወሳኒት ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካዊ መጻኢ ዕድሉን ኮይና ክትቀርብ ኣዝዩ ዘጉህን ዘሕዝንን'ዩ። “ቀዳምነት ናይ ውጥንና፡ ንመጻኢ ወለዶ ኤርትራ ብምኹስኳስ፡ ድሕሪ ፕረዚደንት ኢሰያስ ንዝህሉ መንግስቲ ምድላው'ዩ” ዝብል ዘደንጹ ነጥቢ ኣብቲ ጽሑፍ ተጠቓሊሉ ይርከብ።

እዚ ደፋርን ሃጸያዊ ትዕቢት ዝዓብለሎን መርገጺ፡ ነቲ ሓይልን ዕብየትን ብዘየገድስ ማዕርነትን ልኡላውነትን ናይ ኩለን ሃገራት ዘኽብር ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ዝጥሕስ'ዩ። እንተኾነ ምምሕዳር ኣመሪካ ብተደጋጋሚ ነዚ ሕጊ'ዚ ክጉዕጽጽ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ንዘሎ ዓለማዊ ዕብለላ ውሑዳን ዝቃወም መርገጺ ዘለዎ ወገን፡ ብሓይሊ ንምቑጻይ ክሰርሕ ብተደጋጋሚ ተራእዩ'ዩ።

እዚ ብምምሕዳር ኣመሪካ ዝወጸ ጽሑፍ ነቲ ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑድ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝወሰነቶ ዘይሕጋዊን በይናውን እገዳታት ዝድህስስ'ውን እዩ።

ንድሕሪት ምልስ ኢልና ምስ እንርኢ፡ እዚ ቀጻልን ዘየቋርጽን ተጻብኦታት ብቐንዱ ኣብ ምምሕዳር ክሊንተንን ቡሽን ማለት ምምሕዳር ኣመሪካ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተበጽሐ ብውዕል ኣልጀርስ ዝፍለጥ ዶብ ናይ ምሕንጻጽ ስምምዕ ብምቕያር፡ ላዕለዋይ ኢድ ነቲ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጊላኦም ዝኾነ ወያነ ንምሃብ ኣብ ዝሃቀነሉ ግዜ ዝጀመረ'ዩ። መንግስቲ ኤርትራ ግን፡ ነቲ ተግባር ብትኹረት ብምዕዛብ፡ ልኡላውነቱን ሕጋዊ መሰሉን ዝጎሲ ምስምስ ምንባሩ ብምስትውዓል፡ ኣብ መጻወድያ ናይቲ ጸወታ ክኣቱ ኣይከኣለን። በዚ ምኽንያት ድማ፡ ተጻብኦታት ተኸታተልቲ ምምሕዳራት ኣመሪካ እንሆ ልዕሊ 20 ዓመታት ኣሕሊፉ ኣሎ።

ከም ኣካል ናይዚ ቀጻሊ ተጻብኦ፡ ኣመሪካ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ዘለዋ ጽልዋ ተጠቒማ ናይ ኣጽዋር እገዳን ካልእን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣንቢራ። እቲ ዘደንጹ፡ እዚ እገዳ'ዚ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ስርዓት ኢትዮጵያ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ፡ ንሕጋዊ ዶባት ኤርትራ ሰጊሩ ሰፊሕ ከባቢታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእትዩ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ዝተወሰነ ምዃኑ'ዩ። ብተወሳኺ ብኣመሪካን መሻርኸታን፡ መንእሰያት ካብ ሃገር እናመዝሓቑካ ብምውጻእን ፍሉይ መሰል ዑቕባ እናሃብካን ሃገሩ ዝከላኸልን ዓያዪ ጉልበትን ዘይርከባ ኤርትራ ንምርኣይ ብዙሕ ተሰሪሑሉ።

ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብዚ ናይ ሓሶትን ዓሎቕን ገጻቱ፡ ኣብ ጉዳይ ፍልሰት ደቂ ሰብ፡ ሕጂ'ውን ንኤርትራ ኣብ ሳልሳይ መስርዕ ኣቐሚጡዋ ይርከብ። ብተወሳኺ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ቀንዲ ናይ እምነት ናጽነት ዘይብለን ሃገራት ክብል ይጠቕሳ። እንተኾነ ኤርትራ ሕብረ-ብዙሕ ሃይማኖታት ዘለዋን ህዝባ ብስኒትን ውህደትን ዝነብረላ ሃገር ምዃና ኩሉ ዝፈልጦ'ዩ።

ንነዊሕ ዝኸደ ተጻብኦ ኣመሪካ ኣንጻር ኤርትራ፡ ኣብ ቅድሚ ዓለም ዕርቃኑ ዝወጻሉ፡ ምስ ምጅማር ዕንደራ ወያነ ኣብ ሕዳር 2020 እዩ። ምምሕዳር ባይደን፡ ኤርትራ ነብሳ ንምክልኻል ዘለዋ ሕጋዊ መሰል ጎስዩ፡ ኣብ ልዕሊ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ በይናውን ዘይሕጋውን እገዳ ኣዊጁ። እቲ ብቑጽሪ 14046 ዝፍለጥ ማዕቀብ ንዝተፈላለያ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝርከባ ትካላትን ውልቀሰባትን እውን ዕላማ ዝገበረ'ዩ። እዚ መቕጸልታ ሕሉፍ ተጻብኦታት ዝኾነ ውሳነ'ዚ፡ ገበናት ወያነ ሸፋፊንካን ንኤርትራ ኣዳኺምካን ጠንቂ ዕግርግር ናይዚ ዞባ ንሓዋሩ ከይሕከኽ ንምክልኻል ዝዓለመ'ዩ።

እቲ ንትዕቢት ምምሕዳር ኣመሪካ ዘንጸባርቕ ጽሑፍ፡ ኤርትራ ምስ ቻይናን ብመጠኑ ድማ ምስ ሩስያን ዘለዋ ሕጋዊ ዲፕሎማስያዊ ምትእስሳር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ብዘለዋ መሰል ኤርትራ ዝሃበቶ ሕጋዊ ድምጺ፡ ንድሌታት ኣመሪካ ዘይሰግድን ዘየሳሲን ብምዃኑ ከምዘሕዝን ፍጻመ ኣቐሚጥዎ ኣሎ። ብጽሒት ኤርትራ ኣብ ቅናታዊ ጽርግያ ልምዓት፡ ምብጻሕ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ናብ ኤርትራ፡ ቻይና ንኤርትራውያን ዝሃበቶ ናይ ማህረደ ትምህርቲ ዕድላት ድማ ከም ምልክታት ስግኣት ይጠቕሶ።

እዚ ልቦና ዝጎደሎን ደፋርን መሰረተ- ሓሳብ ዝሓዘ ጽሑፍ፡ ክቡር መልሲ ዘየድልዮ ዝበለየ ውንጀላ'ዩ። ኤርትራ ጽግዕተኛ ወይ ጊላ ናይ ኣመሪካ ኣይኮነትን። ሕጋዊ መሰላ ተጠቒማ ድማ ምስ ዝደለየቶ ሃገር ኣብ ዝደለየቶ

እዋን ሃናጺ ጽምዶ ከትምስርት ትኽእል’ያ። ኤርትራ እትኽተሎ ፖሊሲታት ብሓባር ንምስራሕን ንናይ ሓባር ረብሓ ምትሕግጋዝን ዘገልግል ደኣ’ምበር ንውሱን ድሌታት ምምሕዳር ኣመሪካ ዘሳሲ ኣይኮነን።

እቲ ብዘይ ቁሩብ ስክፍታ ዝወጸ ጽሑፍ፡ ነዚ ቅኑዕ ናይ ኤርትራ ፖሊሲ ዝምድናታት ወጻኢ ጎስዩ፡ “ናይ ኤርትራን ቻይናን ምትሕብባር፡ ንኣመሪካ ካብቲ ናይ ዓለምና ኣገዳሲ መስመር መጐዓዝያ ቀይሕ ባሕሪ ዘጓንያን፡ ናይ ቻይና ህላወ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘስፍሕን’ዩ” ክብል ወሲኹ ከም ስግኣት የቕርቦ። እዚ ምስቲ ኣብ 1950ታት ህዝቢ ኤርትራ መሰል ናጽነቱ ከይክበር ከም ምኽንያትን ዕንቅፋትን ዝቐረበ፡ ንዓለማዊ ጥሙሕ ኣመሪካ እውን እንተኾነ ዘይጠቅም ምስምስ ዝመሳሰል ኮይኑ፡ ነቲ ኤርትራ ኣብ መስመር ቀይሕ ባሕሪ ዝህልዋ ኣወንታዊ ኣበርክቶን ሓላፍነታዊ ተራን ዘይግንዘብ’ዩ።

እቲ ጽሑፍ ወሲኹ፡ ንኤርትራ ከም ቀንዲ ጠንቂ ዘይምርግጋእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብምቕራብ፡ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘለዋ ሓይሊን ጽልዋን ንምድኻም፡ ናይ ምንጻልን ማዕቀብን ስጉምቲታት ክትግበሩ ዝጠልብ ሕጡብ ጽሑፍ ሓቝፉ ይርከብ። ምስቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ፍጹም ዝገራጮን ጌጋ ስእሊ ዝህብን ድማ’ዩ። እቲ ሓቂ ብኣንጻሩ እዩ። ቀንዲ ደጋፊት ወያነ ኮይና እቲ ጀንዳ ኲናት ንኽበግስ ብድሕሪት ክትደፍእ ዝጸንሐት ኣመሪካ’ያ። ኣብቲ ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ በይናዊ ምቁራጽ ተኹሲ ወሲኑሉ ዝነበረ እዋን ከይተረፈ፡ ጀንዳ ወያነ ብድርኺት ኣመሪካ እንደገና ናብ ዓውደ ኲናት ብምእታው፡ ኣብ መንበረ ስልጣን ኣዲስ ኣበባ ክኹየጥ ሓሊኑን ሃቂኑን ምንባሩ ዝፍለጥ እዩ።

ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ኣብ ዘይምርግጋእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘበርክቶ ተራ ፍሉይ’ዩ። ንሃገረ ሶማል ዘዕነወ ንሰለስተ ዕቑዳት ዝቐጸለ ምትእትታዋት፡ ብሕጋዊ መዳይ መዓልቦ ዝረኸበ ዶባዊ ምስሕሓብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ን20 ዓመታት ትግባረኡ ዝዓንቀጸ ኩነት፡ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ንከም ሊብያ፡ ዒራቕ፡ ሶርያ፡ ኣፍጋኒስታን ዝሓመሰ ምትእትታው ናይ ምምሕዳር ኣመሪካ እምበር ካልእ ኣይኮነን። ነዚ ሓጥያት’ዚ ኣብ ዝባንካ ጸይርካ፡ ኣጻብዕትኻ ናብ ኤርትራ ምውጥዋጥ፡ ናይ ብሓቂ ብሃምን ዓሻን ድፍረት እዩ።

እዚ ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ ናይ ኢንተርኔት ገጻቱ ኣስፊርዎ ዘሎ ጽሑፍ ሓድሽ’ኳ እንተዘይኮነ፡ ሕጂ’ውን እንተኾነ ነቲ ዝኣረገ ፖሊሲታቱን ዝበለየ ተጻብኦታቱን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክቕጽሎ ይሕልን ምህላዉ ዝእምት’ዩ።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ምስናይ ኩሉ ተጻብኦታት ኣመሪካ፡ ብዝተኻእለ መጠን ምስ ኣመሪካ ዘለዎ ዝምድና ንምምሕያሽን ሃናጺ ንምግባሩን ፈቲኑ'ዩ። ካብቲ ብዙሕ ጻዕርታት ሓደ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ ዝሰደዶ፡ ኣዎንታዊ ግብረ መልሲ እውን ዝረኸበ ደብዳበ ኮይኑ፡ ባዕሉ ብዝፈልጦ ምኽንያት ፋይዳ ዘለዎ ውጽኢት ግን ከምጽእ ኣይከኣለን። እንሆ ድማ፡ ምምሕዳር ባይደን ናብ ቤተ መንግስቲ ካብ ዝኣቱ ንደሓር ተጻይ ተግባራቱ ብዝተዓጻጸፈ ይቕጽሎ ኣሎ።

## መቕጸልታ ታሪኻዊ ተጻብኦ

## ሓድሽ ውሳነታት እገዳ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ

1) ውሳነ 14046 — ጉዳይ ምእጋድ ውልቀ-ሰባት ብምኽንያት ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኸስተ ሰብኣዊ ቅልውላውን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን። (ብፕረዚደንት ሕ.መ.ኣ ጆሴፍ ኣር. ባይደን እተፈረመ) — 17 መስከረም 2021።

ብኣገላልጻ ምምሕዳር ኣመሪካ፦ እዚ እገዳ'ዚ ነቶም ኣብ ኢትዮጵያ ግጭት ንኽናዋሕ ዝሰርሑ፡ ሰብኣዊ ሓገዝ ንኸይኣቱ ዝኸልከሉ፡ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስጉምቲ ንኸይውሰድ ዝዓንቀጹ፡ ወይ'ውን ምስዚ ጉዳይ ምትእስሳር ዘለዎም ሰባት ዒላማ ብምግባር፡ ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ በቲ ዝምልከቶ ኣካል ነቶም ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ኢድ ዘለዎም ኣካላት መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ህወሓት፡ ከምኡ'ውን ክልላዊ መንግስቲ ኣምሓራን ካልኦትን ብዋጋ ጉድኣት ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ክንዲ ልዝብ ግጭት ዝመረጹ ኣካላት ተሓተትቲ ንምግባር የኽእል።

2) እገዳ ክፍሊ ግምጃ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊ መራሒ ኤርትራ ብምኽንያት'ቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈጸመ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ — 23 ነሓሰ 2021።

ብኣገላልጻ ምምሕዳር ኣመሪካ፡- ክፍሊ ግምጃ (ዲፓርትመንት ኦፍ ትሬጀሪ) መንግስቲ ኣመሪካ፡ ቤት-ጽሕፈት ምቁጽጻር ጸጋታት [OFAC] ንጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሃገረ ኤርትራ (EDF) ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ፡ መራሒ ናይቲ ኣብ ግጭት ትግራይ ሰፊሕ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምፍጻም ዝተዋፈረ ሓይሊ ብምዃኑ ይእግዶ። ፈጻሚ ትእዛዝ

13818፡ ንጀነራል ፊሊጶስ ብዓለም ለኻዊ ተሓታትነት ሰብኣዊ መሰላትን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ብልሽውናን ረቑሒዎ ኣሎ።

3) ቤት ጽሕፈት ግምጃ ምስ ቅልውላው ኢትዮጵያ ብዝተኣሳሰር 4 ኣካላትን 2 ውልቀሰባትን ይእግድ፡ — 12 ሕዳር 2021።

ብኣገላልጻ ምምሕዳር ኣመሪካ፦ ክፍሊ ግምጃ መንግስቲ ኣመሪካ ቤት ጽሕፈት ምቁጽጻር ጸጋታት (OFAC) 4 ኣካላትን 2 ውልቀሰባትን ብምኽንያት ምብኣስ ሰብኣዊ ቅልውላውን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ከምኡ'ውን ምስዋር ግጭት ኣብ ኢትዮጵያ ብመሰረት ፈጻሚ ትእዛዝ 14046 ተሓተትቲ ክኾኑ ይረቑሕ። እቶም ሎሚ ዝተረቑሑ ውልቀሰባትን ኣካላትን፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ህግደፍ፡ ኣብርሃ ካሳ ነማርያም፡ ማዕከን ሕድሪ፡ ሓጎስ ገብረሂወት ወልደኪዳን፡ ከምኡ'ውን ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ እዮም።

4) ምስ ኢትዮጵያ ዝተኣሳሰር ምርቃሕ፡ ኣዋጅ ምልጋስ ዝተረቑሑ ወሰንቲ ኣካላት፡ ምዝርጋሕ ምስ ኢትዮጵያ ዝተኣሳሰሩ ሓፈሻዊ ፍቓዳት ከምኡ'ውን ብቐጻሊ ዝቐርቡ ሕቶታት፡ — 11/12/2021።

ብኣገላልጻ ምምሕዳር ኣመሪካ፦ ክፍሊ ግምጃ መንግስቲ ኣመሪካ ቤት ጽሕፈት ምቁጽጻር ጸጋታት (OFAC) ሓፈሻዊ ፍቓድ 4 ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ኣውጺኡ፡ ምስ ማዕከን ሕድሪ ወይ ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ ንዝህሉ ምትእስሳር ከቋርጾ ይድንግግ። ብተወሳኺ ቤት ጽሕፈት ምቁጽጻር ጸጋታት (OFAC) ብቐጻሊ ዝቐርቡ ሕቶታት (FAQ)927 ከምኡ'ውን ክልተ ሓደስቲ ብቐጻሊ ዝቐርቡ ሕቶታት (FAQ) 935ን 936 ኣሕቲሙ።

**እዞም ዝስዕቡ ውልቀሰባት ናብ ዝርዝር SDN ቤት ጽሕፈት ምቁጽጻር ጸጋታት (OFAC) ተወሲኾም ኣለዉ።**

ኣብርሃ ካሳ ነማርያም (ወዲ ካሳ), ኤርትራ፡ ዕለተ ልደት 15 ሓምለ 1953፡ ዜግነት ኤርትራዊ፡ ጾታ ተባዕታይ፡ ፓስፖርት D000294 (Eritrea) (Individual) [Ethioopia-E014046]

ሓጎስ ገብረሂወት ወልደኪዳን፡ ኣስመራ ኤርትራ፡ ዕለተ ልደት 25 ሚያዝያ 1953፡ ቦታ ልደት ሰንዓፈ፡ ኤርትራ፡ ዜግነት ኤርትራዊ፡ ጾታ ተባዕታይ፡ ቁጽሪ መንነት 0882109 (Eritrea) (Individual) [Ethioppia-E014046]

እዞም ዝስዕቡ ኣካላት ናብ ዝርዝር SDN ቤት ጽሕፈት ምቁጽጻር ጸጋታት (OFAC) ተወሲኾም ኣለዉ።

- ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኤርትራ፡ ኣብ 1993 ዝቖመ ትካል፡ ዓይነት ትካል-መንግስታዊ ኣካል[ETHIOPIA E014046]።
- ማዕከን ሕድሪ፡ ጎደና ፈልከት፡ ኣስመራ፡ ኤርትራ፡ ኣብ 1994 ዝተመስረተ ትካል [ETHIOPIA-E014046]
- ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራሲን ፍትሒን፡ ኤርትራ፡ ኣብ 1993 ዝተመስረተ ትካል፡ ዓይነት ትካል — ፖለቲካዊ ንጥፈታት ዘካይድ ውድብ [Ethiopia-E14046]
- ንግዳዊ ኮርፐረሽን ቀይሕ ባሕሪ፡ ጎደና ፈልከት፡ ኣስመራ፡ ኤርትራ፡ ዱባይ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ትካል ዝቖመሉ እዋን 1984 [Ethiopia-E014046]

5) ብፍሉይ ዘተሓሳስብ ኩነታት ዘለዋ ሃገር (cpc) ብምግሃስ ሃይማኖታዊ ነጻነት፡ — 2 ታሕሳስ 2020።

ብኣገላልጻ ምምሕዳር ኣመሪካ፦ ብመሰረት ኣዋጅ ዓለምለኻዊ ኣዋጅ ሃይማኖታዊ ነጻነት 1998፡ ኤርትራ ሃይማኖታዊ ነጻነት ብምኽልካላ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ንኤርትራ ኣብ መዝገብ ብፍሉይ ዘተሓሳስብ ኩነታት ዘለዋ ሃገር (cpc) ዳግማይ ረቑሒዋ ኣሎ። እዚ ውሳነ'ዚ ደገፍን ዲፕሎማስያዊ ጽምዶን ካብ ኣመሪካ ከይህሉ ይዓግት።

6) ምድብ 3 — ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ ሰባት ዘለዋ ሃገር፡ — 25 ሰነ 2020።

ብኣገላልጻ ምምሕዳር ኣመሪካ፦ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ኣብ ዓመታዊ ጸብጻቡ ኤርትራ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ ሰባት ንምጉዳል እቲ ዝተሓተ ረጃሒታት ስለዘየማልአትን ዘድሊ ጻዕሪ ስለዘየካየደትን ኣብ ምድብ 3 ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ይሰርዓ።

7) ብፍሉይ ዘተሓሳስብ ኩነታት ዘለዋ ሃገር (cpc)፡ — 30 ሕዳር 2022።

ብኣገላልጻ ምምሕዳር ኣመሪካ፦ ኤርትራ ኣብ ዝርዝር ኣብ ቀረባ እዋን ዝተመዝገባ ብፍሉይ ዘተሓሳስብ ኩነታት ዘለወን ሃገራት ክትሰፍር ብክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ተረቑሓ።
On May 5, 2023